# ምዕራፍ ፴

## መለኮታዊ ረዲኤት እናለመንካ ኣብ ጸጋ ኣምላኽ እምነት ምግባር ከምዘድሊ

፩፡ ቃል ጐይታና ወደይ መዓረይ! ብጊዜ ጭንቅኻ ዘጸናንዓካ ሕያዋይ ጐይታ ኣነ እየ።

፪፡ ጭንቅን መከራን ኪመጸካ እንከሎ ናባይ ጕየይ።

፫፡ ሰማያዊ ምጽንናዕ ምእንቲ ከይትረክብ ኣውራ ጸገም ዝኾነካ ንጸሎት ሸለል ምባልካ እዩ።

፬፡ ከመይ ንኣይ ቅድሚ ብምስትውዓል ምልማንካ፡ ብዙኅ ምጽንናዕ ትደሊ፡ ብናይ ወጻኢ ነገራት'ውን ክትድሰት ትፈቱ ኰይንካ።

፭፡ ስለ'ዚ ነቶም ብኣይ ተስፋ ዝገብሩ፡ ኣነ ምኂነይ ዘድኅኖም ክሳዕ ዝርድኣካ (መዝ- ፲፯፡ ፯) ምጽን

ናዕካ ቀኑብ እዩ ጥቕሙ። ካባይ ወጺእካ ከዓ ብቑዕ ሓገዝን ዝረብሕ ምኽርን ነባሪ መድኃኒትን ኣይትረክብን ኢኻ።

፮፡ ከምቲ ናይ ቀደሙ ብምልኡ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ መጠንን ስፍርን ኣብዚኑ ንኹሉ ከሕድሶ ተቐሪበ ኣሎኹ'ሞ ካብ ናይ ማዕበል ህውከት ብሃረርታ ተንሢእካ ብናይ ምሕረተይ ብርሃን እንደገና ተበራታዕ ይብል እግዚኣብሔር።

፯፡ ምናልባት ንኣይ ገለ ዝጽግመኒ ነገርዶ ኣሎ እዩ? ወይስ ከም'ቶም ንዝበልዎ ነገር ኪገብሩዎ ዘይኽእሉ ዲየ?

፰፡ እታ እምነትካ ደኣ ኣበይ ኣላ? ብትብዓትን ብትዕግሥትን ጸኒዕካ ንበር።

፱፡ ኣንዊኑ ሓሳብን ብርቱዕን ኩን፡ ምጽንናዔይ ብጊዜኡ ኪመጸካ እዩ።

፲፡ ተጸበየኒ፡ ጽንሓኒ፡ መጺኤ ኪፍውሰካ እየ።

፲፩፡ ፈተና እያ እትህውኽካ ዘላ። እተሸብረካ ዘላውን ሕማቕ ፍርሓት እያ።



፲፪፡ ድኅር ከም'ዚ ኪኸውን እዩ ኢልካ ምጭናቕ ኃዘን ኣብ ርእሲ ኃዘን ይውሰኸካ እምበር እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ? "ንመዓልቲ መከራኣ ይኣኽላ"። (ማቴ- ፮፡ ፴፬)።

፲፫፡ ብዛዕባ ዚመጽእ ነገር ምጭናቕ ወይ ምሕጓስ ከንቱን ብላሽን እዩ። ምናልባት ከይኮነ ኪተርፍ'ውን ይክኣል እዩ።

፲፬፡ ብከም'ዚ ዝበለ ሃረርታታት ተጠቢርካ ኣብ ስሕተት ምውዳቕ ናይ ሰብ ድኻምነት ሳዕቤን እዩ። ንናይ ሰይጣን ፈተናታት ቀልጢፍካ ብቐሊል መንገዲ ምቕባሉ ድማ በዓል ድኹም ኀሊና ከምዝኾንካ ዘመልክት እዩ።

፲፭፡ ሰይጣን እቲ ንኣና ዘስሕተሉን ዘጠፋፍኣሉን ነገር ቅኑዕ ወይስ ዘይቅኑዕ ሓቂ ወይ ሓሶት ምዃኑ ኣይግድሶን እዩ፡ ብናይ'ዚ ዓለም'ዚ ሃብቲ ስስዔ ወይ ብናይ ዚመጽእ ነገር ፍርሓት ከሸንፈና እዩ ዚሓስብ።

፲፮፡ ስለ'ዚ ልብኻ ኣይትሃወኽ፡ ሽብር'ውን ኣይእቶኻ።

፲፯፡ ብኣይ እመን፡ እምነትካ ኹሉ'ውን ኣብ ምሕረተይ ኣውድቆ።

፲፰፡ ካባይ ከምዝርሓቕካ ኮይኑ እንተ ተሰምዓካ፡ ኣነ ካባኻ ኣይርሓቕኩን፡ ወትሩ ምሳኻ እየ ዘሎኹ።

፲፱፡ ኩሉ ዝጠፍኤ እንተመሰለካ ብዝበዝሕ ሽዑ እዩ ጻማኻ ኣብ ሰማይ በዚኑ ዚርከብ።

፳፡ ከም'ቲ ዝተጸበኻዮ ዘይኮነስ፡ እቲ ነገር ከም ካልእ እንተኾነ'ውን ኩሉ ዝጠፍኤ ኣይምሰልካ።

፳፩፡ ናብራኻ ከም'ዚ ሕጂ ዝስምዓካ ዘሎ ገይርካ ኣይትፍረዶ፡ ጸገም ካብ ዝመጸ ይምጻእ ኪፍታሕ ከም ዘይክኣል ገይርካ ኣይትገምቶ፡ ተስፋ ቌራጽ ኣይትኹን።

፳፪፡ ሽሕ'ኳ ንጊዜኡ ሓድሓደ መከራ እንተሰደድኩልካ ነቲ ብዙኅ እትምነዮ ምጽንናዕ'ውን እንተኸላእኩኻ ብፍጹም ከምዝተደርበኻ ኮይኑ ኣይሰማዕካ፡ ከመይ መንገዲ መንግሥተ ሰማያት ንሱ እዩ።

፳፫፡ ንኣኻን ንካልኦት ኣገልገልተይ ኩሎምን ከምድላይኩም ቀኒዕኩም ካብ እትነብሩ ብዙኅ ሳዕ ሓሳረመከራ ምርካብ ኣብሊጹ ከምዝጠቕመኩም ጥርጥር የልቦን።



፳፬፡ እቲ ንድኅነት ነፍስኹም ዚጠቅምን ነቲ ዝተሠወረኩም ሓሳብን ስሕበትኩምን ኣጸቢቐ እፈልጦ እየ፡ ኩሉ ጽቡቕ እንተኸደልኩም በቲ ናትኩም ዘይኮነ ነገር ክትምክሑን ክትንየቱን ከይትርኮቡ፡ ተጠንቀቑ፡ ሓድሓደ ጊዜ መንፈሳዊ ምጽንናዕ እንተኸላእኩኹም ኣይትጎዘኑ።

፳፭፡ ኣነ ነቲ ዝሀብኩዎ ነገር መሊሰ ኪወስዶ ብዝደለኹዎ ጊዜ ከዓ መሊሰ ክህቦ ኣብ ኢደይ እዩ።

፳፮፡ ኣነ ክህበካ ከሎኹ ናተይ እየ ዝህበካ፡ ክወስድ ከሎኹ ከዓ ናተይ እምበር ካብ ናትካ ዝወስዶ ነገር የብለይን፡ ከመይ እቲ ሠናይ ሃብትን ፍጹም በረከትን ኩሉ ናተይ እዩ። (ያዕ- ፩፡ ፲፯)

፳፯፡ ኣነ ንመከራን ጭንቅን ብዘይሕሱብ ብሃንደበት ናብ ደስታን ሓጐስን ክልውጦ ዝኽእል እየ'ሞ ጸገም ወይ ዝኾነ ጭንቂ እንተ ኣውረድኩልካ ኣይትጎዘን፡ ንያትካ'ውን ኣይተዕርብ።

፳፰፡ ንዓኻ ከምዚ ክገብረካ ከሎኹ ድማ ኣነ ቅኑዕን ኩሉ ምስጋና ዝግብኦን ከምዝኾንኩ ፍለጥ።

፺፱፡ ንሸኻ ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ነገር ብሓቂ ትርድኦን ትሓስቦን እንተድኣ ኰይንካ ሓሳረ-መከራ ክትቅበል እንከሎኻ ብኣምላኽ ክትሕጐስን ንኣኡ ብዙኅ ከተመስግኖን ኣሎካ እምበር ብኃዘን ተጨኒቕካ ምእባድ ክትኣቢ የብልካን።

፻፡ ኣነ ብዘይንሕስያ ብእልፊ ኃዘን ከጨንቐካ ከለኹ ከም ሓደ ዐቢይ ታሕጓስ ገይርካ ክትግምቶ ይግባእ።

፻፩፡ ነቶም ዘፍቅሮም ኣርድእተይ ከምቲ ኣቦይ ንኣያ፣ ዘፍቅረኒ ኣነ'ውን ንኣኻትኩም ኣፍቅረኩም እየ" በልኩዎም። (ዮሐ- ፲፭፡ ፱)

፻፪፡ ኣነ ነርድእተይ ኪጋደሉ እምበር ብሓላፊ ሃብቲ ኪሕጐሱ ናብ ውርደት እምበር ናብ ክብርን ሥልጣንን ጽ'ረሮም ብትዕግሥቶም ብዙኅ ፍረ ክፍርዩ እምበር ናብ ዕረፍቲ ኣይለኣኽኩዎምን።

፻፫፡ ወደይ መዓረይ ንሸኻ ከዓ ነዘን ቃላት እዚኣተን ኣስተንትነን ኢኻ።